Public education
**Discover a world of opportunities**

TIGRINYA



ካብ 0 ክሳብ
4 ዓመታት

# ፍልጠት ትምህርቲ ኣብ ገዛ

Department of
**Education**

ውላድኹም ኣብ ገዛ ውሽጢ ንክማሃሩ ዝሕግዝ ሥራሕቲን ሜላ መሕጐሲ ብዕቤት ንዘለዉ ሕጻውንቲ ወለዲ/ሓልየት

CC BY

# ኣብ ውሽጢ እንታይ ከምዘሎ


| | |
|---|---|
| ኣብ ገዛ ውሽጢ ንክትማሃር | 3 |
| ናይ ትምህርቲ ግዜ ዝኸውን ምሓዝ | 4 |
| በብመዓልቱ ምንባብ ዘሕጉስን – ጠቓሚ ምኽኑ | 5 |
| ብዛዕባ ኵነታ ዓለም ምንባብ | 7 |
| ብምጥማትን ትኩረት ብምግባር ትምህርቲ | 7 |
| ንቑፅሪ ሒሳብ፣ ምንባብን ምጽሓፍ ክዕለት መምሕያሽ መንገዲታት | 8 |
| ሕጉሳት ሕጻውንቲ ምዕባይ | 10 |
| ጡዑይ ሰብነት፤ ጡዑይ ኣእምሮ | 12 |
| ምስ ተክኖሎጂ ምሕጓስን ምምሃር | 14 |
| ዝዓብዩ ሕጻውንቲ ንዘለዎም ስድራታት ደገፍ | 15 |
| ቤት ትምህርቲ ምጅማር | 16 |




**ዓርእስቲ:** ኣብ ገዛ ውሽጢ ትምህርቲ – ካብ 0 ክሳብ 4 ዓመታት: ውላድኻ ኣብ ገዛ ውሽጢ ንክማሃሩ ዝሕግዝ ሥራሕቲን ናይ መሕጐሲ ሓሳባት። መንእሰይ ቀልዑት ንዘለዎም ወለዲ/ ሓልየት ውሃብቲ።


SCIS NO: 1701239
ISBN: 978-0-7307-4560-0



© Department of Education
Western Australia 2015


ብናይ ትምህርቲ ትካላት ኣቢሉ ንትርፈን ንንግዲ ዘይኾነ ትምህርታዊ ግልጋሎት መውሃቢ ቅርጺ ነዙይ ጽሑፋዊ ሕትመት ብከፊል ወይኻዓ ብሙሉእ ብናጻ ዘይኽፍሊት ምቕዳሕ ከምዝኻኣል እዩ።

እዙይ መረዳእታ ዝቐርብ ትኽክለኛ ብዝኾነ መማረጺ ቅርጺ ተጌሩ ይዳለው እዩ።


**Department of Education**
151 Royal Street
East Perth WA 6004
ስልኪ: 9264 5803
ዌብሳይቲ: education.wa.edu.au





CC BY

© Department of Education, Western Australia 2015



# ኣብ ገዛ ውሽጢ ትምህርቲ

## ናይ ውላድኹም ኣእምሮ ‘ሥራሕ እንዳተማሓየሽ ምኺኑ ’

ኣብ መጀመሪያ ቁሩብ ዓመታት ሕይወት ውሽጢ ምዕባለ ኣእምሮ ፈጣን ይኸውን። በዘን ዓመታት ምስ ውላድኹም ዘለካ ተመኵሮ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ገዛ ውሽጢ ጸወታን ድሕንነት ንክነብር ብምግባር ውላድኻ ብዛዕባ ፍቕሪ ንክማሃሩ ይሕግዝ ማለት እዩ።

## ሕጻውንቲ ብከመይ ብዝበለጸ ጽቡቕ ከምዝምሃሩ

ሕጻውንቲ ሕጉሳት እንተኾይኖም፤ ድሕንነቶም እንተተሓልዩን ንዝደልይዎ ነገራት ንክርእዩን ክሰርሑ ብምግባር ጽቡቕ ይማሃሩ። ምስ ወላድኻ በብመዓልቱ ብዝኻየዱ ሥራሕቲ እሞ ነቶም ቀልዑት ዓቢ ናይ ምምሃር ዕድላት ይኸፍተሎም እዩ።

ኣብ ገዛ ውሽጢ ንምምሃር ወግዓዊ ‘ንድፊ’ ምውጻእ ኣየድሊን – ምስ ውላድኻ በብመዓልቱ ትገብሮ ብቀሊል ሥራሕቲ፤ ልምዲታት፣ ጸወታታትን ምንባብ ኣቢሉ ብባዕሉ እዚ ኵነታ ይፍጠር እዩ።

ሕጻውንቲ ብዛዕባ ከባቢኦም ዘሎ ዓለም ንምምሃር ብተፈጥሮ ንቑሓት፣ ሙሉእ ኣተሓሳስባን ድሌት ከምዘለዎም እዩ። ብምጽዋት፣ ብምኽትታል፣ ብምድማፅ፣ ብምሕታት፣ ብምዝርራብ፣ ንምሕሳብ ግዘ ብምውሳድ፣ ሓደሽቲ ነገራት ንምሥራሕ ብምፍታንን ንዝውሃብ ምላሽ ብምክትታል ከምዝማሃሩ እዮም።

ውላድካ ምእንታን ክማሃሩን ከማሓይሹ ክሕግዝ ዘኽእል ኣብ ገዛ ውሽጢ ምስ ውላድኻ ክትሰርሕ ትኽእሎ ብዙሕ ነገራት በዙይ ጥራዝ ወረቐት ይርኸብ።

© Department of Education, Western Australia 2015

## ናይ ትምህርቲ ግዘ ዝኸውን ምሓዝ

ትምህርቲ በብማዓልቱ ዝኻየድ ልምድታት ስለዝኾነ ከም ናይ ገዛ ሥራሕቲ፣ ብ እግሪ ምጓአዝን ንኰረባብትኻ ምፍላጥ ይኸውን። ምስውላድኻ በዞም ግዘ ጽቡቕ ምግባር።

ንኣብነት፡ ንዝተሓጸበ ክዳውንቲ ክተስጥሕ እንከሎ እንታይ ዓይነት ክዳውንቲ ከምዝኾኑን ነቲ ክዳን መስቐሊ ምቑጻርን ብዛዕባ ሕብረ ቐለማት ምዝርራብ። ሕጻውንቲ ሓደሽቲ ቓላት ንክምሃሩን ሓሳቦም ከመሓየሽ ይሕግዞም እዩ።

### እንታይ ምግባር እኽእል?

- ዘሕጉስ ትምህርቲ ምፍጣር
- ንናይ ውላድኻ ድሌትን ምርጫታት ምኽትታልን – ነዞም ከመዕብሉ ምግባር።
- ውላድኻ ጸገማት ንክፈትሑ ግዘ ምሃብን ነገራት ክደጋገም ምግባር።
- ኣወንታዊ፤ ተዓጋሲን ሓጋዚ ምዃን።
- ንምክትታል፣ ምስማእ፣ ንምሕሳብን ሕቶ ንምሕታት ኣምህሮም።
- ንውላድኻ ጽን ኢልካ ምስማእን ድምጻዊ ምላሽ ምሃብ ።
- ውላክኻ ሓገዝ ክደልዩ እንከሎ ብባዕሎም ክውስኑ ምግባር – ‘ካብ ናቶም ድሌት ምውሳድ’ ጠጠው ምግባር።



### ጸወታ ናይ ሕጻን ሥራሕ እዩ

ሕጻውንቲ ምእንታን ክማሃሩ ጸወታን ሓያል ተፈጥሯዊ መንገዲ እዩ። ሕጻውንቲ ብጸወታ ዘምዕብልዎ ከም ኣካላዊ፣ ማሕበራዊ፣ ስሚዒታዊን ንናይ ምርዳእ ክዕለት የማሓይሽ እዩ። በዞም ጸወታ ውሽጢ ዚጠቓለሉ ከም ምድይያብ፣ በአሸዋ ገዛ ምስራሕ፣ ምክዳን፣ ከምትገብሮ ምምሳል፤ ምድናስ፣ ምጽሓፍ፣ ምቑጻር፣ ሕንቕሕንቕሊተይ ምጽዋት፣ ምስዓል፣ ምንባብ፣ ምግማት፣ ነገራት ምሕናፅ፣ ምርጫታት ምክያድ፣ ንነገራት ምርመራ ምግባር፣ ንሓሳብ ምፍታሽ፣ ብባዕልካ እምነት ምጥንካር፣ ምስካልኦት ብሓባር ምሥራሕን ካብዚ ንላዕሊ ምግባር!

### እንታይ ምግባር እኽእል?

- ውላድኻ በብመዓልቱ ክጻወቱ ምግባር።
- ውላድኹም ናይ ባዕሎም ሥራሕን ጸወታ ንኽካይዱ ምትብባዕ።
- ካርድ ቦርዲ ሳጹናት፣ ኵዕሶታት፣ ሳንኬሎታት፣ ባዴላታት ክምቲ ናይ ስድራቤት ኣድላይነት ብሓባር ንምጽዋት ክዳን ምልዋጥ።
- ነቲ መዘናግዒ ክፍሊ ብምውጋን ምሃዝ – ኣብዝጻወትሉ እዋን ምብልሻው ምፍቃድ።


CC BY © Department of Education, Western Australia 2015



# በብማዓልቱ ምንባብ ዘሕጉስን– ጠቓሚ እዩ።

ምስውላድኻ ብምንባብን መጽሓፍቲ እንዳተጠቐምካ ብሓባር ግዘ ምውሳድ ንሕጻውንቲ ደስ ዘብል ጽቡቕ መንገዲ እዩ። ከምኡ'ውን ንዘለዎም ናይ ቓላት መምሕያሽ ብናትኹም ምንባብ ዓቢ ግደ ከምዘለዎ ምርኣይ የድሊ።

## እንታይ ምግባር እኽእል?

- ታሪኻት፣ ግጥሚታት ምዝራብን ዜማታት ምዝማር። ኣምሲልኻ ከይዲ ኣሰራርሓ።
- ካብ ገዛ ክትወጽእን ንምውጻእ ክትዳለው እንከሎ ብዛዕባ ቓላትን ቑፅሪታት ምዝራብ።
- ካብ ጋዜጣ፣ በብከባቢ ዘይረብሕ ፖስታ፣ ካብ ኤሌትሮኒክስ መሳርሒን መጽሄታት ከምኡ'ውን መጽሓፍቲ ንዘሎ ንውላድኻ ምንባብ።
- ብዙ ዝተፈላለየ ነገራት ምንባብ – ካብ ኤሌትሮኒክስ መሳርሒ ዝተሓተሙ መጽሓፍቲን ታሪኻት በዙይ ክጠቓለል ይኽእል።
- ንዝፈተውዎ ታሪኻት ደጋጊምካ ምንባብ።
- ንውላድኻ ክተንቡብ እንከሎ ነቶም ቓላት በአጻዕብትካ ምክትታል፤ ናብቲ ስ ዕሊ እንዳራዕኻ ብዛዕባ እቲ ታሪኽ ብሓባር ምዝርራር።
- ውላድኹም ከምዘንብቡ ጌርካ ምጅሃር። ሕጻናት ታሪኽ ፈጢሮም ከምዘንብቡ ጌርካ ምጅሃር። እዙይ ዓቢ ኣጀማምራ እዩ።
- ውላድኻ ብኸመይ ነቶም መጽሓፍቲ ሓልየት ንምብባር ምርኣይን ብጥንቓቀ ብከመይ ነቶም ገጺታት ከምዘውጽ እ ምርኣይ።
- ውላድኻ ብዝኾነ መጽሓፍቲ ድሌት እንተዘይብሎም ዘይምግዳድ።
- ምስ ውላድኻ ክተንብብ እንከሎ ኣትኵሮ ዝርብሽ ኵነታ ከይነብር ምግባር – ንኣብነት ተለቪዥን ማጥፋዕ።
- ኣብ ከባቢኻ ብዘሎ ቤተመጽሓፍቲ ምኻድን ንወለዲን ሕጻውንቲ ዝኸውን እንታይ ዓይነት ፕሮግራም ከምዝዳለው ምሕታት።

© Department of Education, Western Australia 2015




© Department of Education, Western Australia 2015

## ብዛዕባ ምምሃር

ውላድኹም ኣብ ዓለም ዘሕጉስ ኩሉ ነገራት ደሊዩም ዝረኽቡሉ ቦታ እዩ። ውላድኹም ምፍታሽ ክጅምሩ እንከሎ ምስ ኣቶም ኾይንካ ናብ ገዛ፣ ኣትኽልቲ ቦታን ጐረባብቲ ክኸዱ ብሓባር ምዙዋር።

ውላድኹም ኣብሓቱሉ ግዘ ንምንታይ? ከምኡ'ውን'ብኸመይ? ንነቐፌታዊ ኮነታ ንምሕሳብ ይምሃሩ እዮም።

### እንታይ ምግባር እኽእል?

- ውላድኹም ሕቶታት ንክሓቱ ምትብባዕ። እዋን ጸገማት ምዝርራብ፣ ስጉምቲ ንምግባር ምሕሳብ።
- ንናይ ውላድኻ ሕቶታት ምጥያቕ። ብዝሕብዎ መልሲታትን ሓሳባት መምይያጥ።
- ውላድኻ ኣብ ከባቢ ዓለም ንዘሎ ንምፍላጥን በብመዓልቱ ንዘለዉ ነገራት መርመራ ንምግባር ይሕግዞም። ንኣብነት: ብሰብነት መሕጸቢ ሓደሓደ ነገራት ንምንታይ ይንሳፈፉ ካልኦት'ድማ ይጠልቑ? ዝናብ ማይ ካበይ ይመጽእ? ሳሬታት ብከመይ መርበብ ሳሬት ከምዝሰርሑ?
- ብሓባር ምንቕስቓስ ማለት ከም ብሑቕ ሕባሻን ኣፍራታት ብምንፋሕ ጸወታ ዘኣመሰሉ።
- ብዛዕባ በብመዓልቱ ንጥቐመሉን ብኸመይ ከምዝጠቕም ንዘሎ ተክኖሎጂ ምስ ወላድኹም ምዝርራብ።
- በብመዓልቱ ኣቕሑት፣ ብሎክስን ባንቡላታት ብምጥቃም ውላድኻ ግዘ ንከጥፍእ ምግባር።



## ጠመትን ትኩረት ንክነብር ምምሃር

ንናይ ውላድኻ ጠመትን ትኩረት ክዕለት ከምዕብል ዘስሕቑ ጸወታታት ይሕግዙ እዮም።


### እንታይ ምግባር እኽእል?

- ኣብ ገዛ ውሽጢን ደገ ከባቢ ንዘለው ዝተፈላለዩ ኣቕሑት ምሕባዕ። ነቶ ኣቕሑት ሓቢርኻ ብምድላይ ሕጉስ ምኻን።
- ከም ብሎክስ፣ ዝተኣሸገ መግቢ፣ ባንቡላታትን ናይ ክዳን መቖሊ ዚኣመሰሉ ኣቕሑት ብመጠን ብሕብረ ቐለምን ብቕርጺ ምፍላይ።
- ምጽዋት ኣብቲ ሻሕነ እንታይ ኣሎ? ኣብቲ ሽሓኒ ኣቕሑት ምቕማጥ። ነቶም ኣቕሑት ድሕሪ ምርኣይ ውላድኻ ዓይኖም ንክጥምቱ ምሕታትን ብድሕሪኡ'ማ ዝሕተት ኣብ ሽሓኒ እንታይ ኣሎ? ነቶም አቕሑት ቑፅሪታት ብክልተ፣ ሰለስተን ኣርባዕተ ምውሳኽ። ቕድሚ ዓይኖም ምጥማት ናብቲ ሽሓኒ ንክርእዩ ምግባርን ብድሕሪኡ'ድማ በቲ ሽሓኒ እንታይ ኣሎ? ኢልኻ ምሕታት > ክንደይ ዝኸውን ኣቕሑት ክዝኸር ከምዝኻኣል ምር ኣይ። ተራ ምውሳድ ሰለስተ ኣቕሑት ኣብቲ ሽሓኒ ምቕማጥ – እሞ ነቲ ሓደ ምውሳድ። ኣየኑ ከምዘየለ ምግማት።
- ናይ ሕጻናት ግጥሚን ቓና መዝሙራት ምዝማር ከም *Old McDonald*/ኣረጊት ማክዶናልድ *had a farm*/ሕርሻ ነበሮ ንዝብሎን ናይ ምቑጻርን ማስተውዓል ክዕለት ንምትብባዕ።
- ብሓደ ፊደል ንዝክምር ቓላት ምድላይ ለ/b ከምኡ'ውን ናብ ሹቕ ሓቢርኻ ትኸደሉ እዋን ንካልኦት ፊደላት ምድላይ።

© Department of Education, Western Australia 2015

# ንናይ ሕሳብ፣ ምንባብን ምጽሓፍ ክዕለት መምሓየሺ ሜላታት

**ሕጻውንቲ ሕሳብ፣ ምንባብን ምጽሓፍ ዝማሃሩ ኣብ ዝጻወቱሉ ግዘ እዩ።**



## እንታይ ምግባር እኽእል?

- ኣብ ክሽነ ንዘሎ ናይ ሹቕ ከረጺት፣ ቦርሳታትን ገንዘብ መጻወቲ ብምጥቃም ብዛዕባ 'ሽቓት' ምዕዳግ ምጽዋት።
- ስዕላት፤ ፎቶግራፋት፣ መንነት መግለጺ፣ ልደት ካርዲታት፣ ደብዳበታትን ብሓባር ንዝተጐብነዩ ቦታት ዝተውሃቡ ትኬታት ኣብ ሰሌዳ ምልጣፍ።
- በካላንደር ዕለት መቑጸሪ ንዝተገበሩ ድርጊታት ምጽሓፍ እዚ'ውን ከም ዕለት ልደትን ፍሉይ ክብረበዓላት ምጽሓፍን ብዛዕባ'ዚ ምስ ውላድኻ ምዝርራብ።
- ዕድመ ናብ ስድራን መሓዙት ንምልኣኽ ናይ ልደት ካርዲታት ምድላው።
- ውላድኻ ብጽሑፍ ንምጭሕጋር፣ ክጽሕፍን ንምስዓል ቦታ ንክነብሮም ምግባር። መሳዓሊ ወረቐቲ፣ብከለር መስዓሊ፣ እሳስ፣ ኣረጊት ኢንቨሎፕን ካርዲታት ምጥቃም።
- ብውላድኻ ንዝተሰዓለ ምልጣፍን ብዛዕባ'ቲ ስዕሊ ሓቢርካ ምዝርራብ።
- ናይ መልእኽቲ መለጠፊ ሰሌዳ ክነብር ምግባርን ነንሕድሕዲኡ ንዘሎ መልእኽቲ ምጽሓፍ። በብመዓልቲ ንዘሎ ሥራሕ ናብ መዘናግዒ መምሃሪ ግዚያት ምልዋጥ ትኽእሉ።
- ቐሊል መግቢታት ብሓባር ምስራሕ። ብዛዕባ መግቢ ምድላው ቅመማ ብሓባር ምንባብን ምዝርራብ። ውላድኻ ክኽታተሎ ንዝኽእል ቐሊል መምርሒ ምሃብ።
- ውላድኻ ኣብ ክሽነ ውሽጢ ናይ መግቢ ቅመማት ብምርካብ ብባዕሎም መጠን ምዕቓን ከምዝኽእሉ ምትብባዕ።
- ብዛዕባ መግቢ ምቑራፅን መጠን፣ ቅርጺ፣ ሕብረ ቐለምን ጣዕሚ ምዝርራብ።


CC BY © Department of Education, Western Australia 2015



## ሹቕ ዕዳጋ ምኻድ

- ነቲ ዝግዛዕ ዝርዝር ኣቕሑት ብሓደ ምጽሓፍ። ነቲ ኣቕሓ ዝርዝር ክትመርጽ እንከሎ ውላድካ መሊሱ 'ከንብቦ' ምሕታት። ንዝፈልጥዎ ኣቕሑት ክደልዩ ብምግባር ክሕግዙኻ ምግባር።
- ፍሩታን ኣትኽልቲታት ኣብ ከረጺት ቦርሳ ክተቕምጥ እንከሎ ምቝጻር።
- ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ዓይነት ገንዘብ ምዝርራብ ማለት ከም ሳንቲማት፣ ናይ ወረቐቲን ካርዲታት ምዝርራብ።
- ውላድኻ ነቲ ገንዘብ ክኸፍልን መልሲ ንክወስድ ምግባር። ብባዕልኻ መክፈሊ መሳርሒ ክትጥቕም እንከሎ ነቶም ኣቕሑት በቲ ስካን/መጻረይ ኣእቲኻ ፍሩታን ኣትኽልቲታ ዝብል ንምድላይ ይሕግዝዝካ እዩ።
- ኣብ ገዛ ክትበጽሑ ብሓባር ነቶም ዝተገዝኡ ኣቕሑት ብሓባር ካብቲ ጥርናፈ ብምውጻእ ምልላይ። ነቶም ኣቕሑት ክተቕምጦም እንከሎ ስለ መጠን፣ ቅርጺ ምዝርራብ።

© Department of Education, Western Australia 2015

# ሕጉሳት ዝኾኑ ሕጻውንቲ ምዕባይ

ሕጻውንቲ ኣብ ገዛ ውሽጢ ብጽቡቕ ደገፍ፣ እምነትን ድሕንነት ዝዓብዩ መብዛሕትኡ ግዜ ሕጉሳት፣ ብባዕሎም እምነት ዝሓድረሎምን ምስካልኦት ንምዝንጋዕ ሕጉሳት ይኾኑ።

ጽቡቕ ኣመለኻኽታ ዘለዎም ሕጻውንቲ ጠቓሚን ኽብሪ ከምዘለዎም ይስምኦም እዩ። ሓልየት ሕጻናት ብዝገብሩ ሰባት እምነት እንተሃልይዎም፤ እሞ ጽቡቕ መንፈሲ ከምዝሓድሮምን ንክማሩን መሓዙት ደሊኻ ንምፍራይ እምነት የሕድረሎም እዩ።

## እንታይ ምግባር እኽእል?

- ንናይ ውላድኻ ጽቡቕ ኣተሓሳስባ ምትብባዕን ምስኦም ግዘ ወሲድኻ ምዝርራብ፣ ምጽዋትን ምሕጓስ እዩ።
- ውላድኻ ንሓዱሽ ነገራት ክፍትኑ እንክሎ ምብርትታዕን ኩልግዘ ከምትፈትዎም ምዝራብ።
- ውላድኻ ምእንታን መሓዙት ክፍርዩ ምስካልኦት ብሓባር ክጻወቱ ምግባርን ነቲ ዝሰርሕዎ ስዕሊታትን ሕንጻታት ንክልጠፍ ምግባር ምትብባዕ።
- ነቲ ዝደልይዎ ምሕታትን ኣድላይ እንተኾይኑ ብናቶም ኣተሓሳስባ ተኸቲልካ ምስራሕ።
- ውላድኻ ጸገም ፈታሒ ንኾኑ ምሕጋዝ – ኹሉ ነገራት ኣይትግበረሎም።
- ውላድኻ ጽቡቕ ጠባይ ንክማሃር ምሳለ ብምዃን ምሕጋዝ – ንዝገብርዎ ነገራት ብምስትምቓርን ዋጋ ብምሃብ ንኣብነት፤ ኣመስግን ብምባል ኣድናቖት ምሃብ።
- ንውላድኻ መዘናግዒ ትምህርቲ ብምሃብ ምሕጋዝ።
- ውላድኻ እንታይ ከምዝስምኦም ተኸታቲልካ ብምዝርራብ ምፍላጥ። ንኣብነት: ሕጉስ ምዃን ...ብስጪው ...ዝፈርሓ ትመስል.
- ካልኦት ከመይ ከምዝስምኦም ምዝርራብ። ንኣብነት: ንሓርይ/*Harry* ባንቡላ ዝኾነ ሰብ እንተወሲዱሉ እንታይ ይስምኦ ኢልካ ትሓስብ? ንናትኻ ባንቡላታት ብሓባር ምስኡ ክትጥቐም እንከሎ ብኸመይ ሓርይ/ *Harry* ሕጉስ ከምትገብሮ ፡፡
- ንውላድኻ ጽን ኢልኻ ምስማዕ። እንታይ ከምዝብሉ ምፍላጥን ምትግባር። ናቶም ስጉምቲ እንታይ መልእኽቲ ይነግረኻ?

## ብዛዕባ ሕጻውንቲ ባሕሪ መምርሒ ምሃብ

ሕጻውንቲ ተማሂሮም ጽቡቕ ኣነባብሮ ሕይወት ምርጫ ንክኻይዱ ግልጺ ምዃን፣ ቐጻላይን ዓቕብ ዘለዎ መምርሒ የድልዮም እዩ። ሕጻውንቲ ኣብ ገዛን ማሕበረሰብ ስለዘለዉ ደንቢታት ይማሃሩ። ደንቢታት ዘይምኽታል ስለዘምጽኦ ሳዕቤን ንዝነብሮም ግንዘብ ክማሓየሽ ይገብር። ውላድኻ ብዛዕባ ደንቢታት ኣብዝማሃሩሉ ግዘ ድሕንነቶም ዝተሓለወን ዝተረጋገጸ ንምዃኑ ክፈልጡ ይግባእ።

ናይ ሕጻውንቲ ባሕሪ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ይለዋወጥ እዩ። ነዚይ እዩ ሕጻናት ብዘለዎም ባሕሪ ተበጊስኻ ምላሽ ምሃብ ጠቓሚ ዝኾነሉ።

> **ንናይ ውላድኻ ማሕበራዊን ስሚዒታዊ መምሕያሽ ዝነብሮም ድሌት ስሚዒት ኣገዳሲ ዝኾነ ክፍሊ እዩ።**


CC BY © Department of Education, Western Australia 2015



**ውላድኻ ጽቡቕ ንክኾኑ ምክትታል – ብዛዕባ ዘለዎም ባሕሪ ቅድሚ ርዕይቶ ምሃብ ዝኾነ ጌጋ ክሳብ ዝፍጠር ዘይምሕላው። ኣንጻራዊ ብዝኾነ ባሕሪ ጠመት ብምግባር እሞ ባሕሪ ሕጻን ናብ ጌጋ ባሕሪያት ክኣትዉ ይደፋፍኦም ይኽእል። ሕጻውንቲ ጽቡቕ ባሕሪ ክርእዩ እንከሎ ሓቑፍኻ ብምስጋና ምውዳስን እሞ ግቡእ ብዝኾነ ምክንያት ንውላድኻ ርዕይቶ ብምሃብ ጽቡቕ ባሕሪ ንክማዕብሉ የተባብዕ እዩ።**

## እንታይ ምግባር እኽእል?

- ግልጺ ምኽንን ብሓሳብ ጽኑዕ ምኽንን ኩልግዘ ብጽቡቕ ኩነታን ጥንቓቕን ነገራት ምክያድ።
- ንናይ ውላድኻ ዕድመን ክዕለት ኣብ ግምት ውሽጢ ክኣትው ምግባር። ካብናቶም ትጽበዮ ብግቡእ እንታይ ከምዝኾነ ምርግጋፅ።
- ውላድኻ እንታይ ክሰርሕ ከምትደልዩ ምዝራብን ንምንታይ ከምዝኾነ ምክንያት መግለጺ ምሃብ። ንኣብነት: መንገዲ ኣብነቓርጸሉ ግዘ በጃኻ ኢደይ ሓዘኒ ምክንያቱ ድሕንነትኻ ክሕለው ስለዝደሊ እዩ።
- ንውላድኻ ምርጫታት ምሃብ። ንኣብነት: መንገዲ ክነቓርጽ እንከሎ ንኢደይ ወይኻዓ ንፕራም ምሓዝ ትኽእል። እንታይ ምግባር እኽእል?
- ውላድኻ ንናትኻ መምርሒ ክኽተሉ እንከሎ ምውዳስን ጽቡቕ ንዝገበርዎ ብግልጺ ምዝራብ። ንኣብነት: ናብ ካልእ እግሪ መንገዲ ክንጉዓዝ እንከሎ ንኢደይ ኣታሓሕዛኻ መንገዲ ጽቡቕ ፈትየዮ ኣለኹ።
- ንጽቡቕ ባሕሪ ኣብነት/ሞዴል ብምኳን ምርኣይ። ውላድኻ ከምቲ ዝደሌኻዮ ባሕሪ ንኸውን ባዕልኻ ክተርእ ኣለኻ።
- ንስኻ በቲ ትገብሮ ምሕሳብን እሞ በቲ ትገብሮ ብምኽታል ውላድኻ ትኽኽለኛ ዝኾነ ባሕሪ ስለዘይኽተል ክትሓስበሉ ይግባእ። ብዛዕባ ባሕሪ ኣታሓሕዛ ሓሳባት ምስ ካልኦት ወለዲ ምዝርራብ።
- ትዕግስተኛ ምኳን። ሓደሽቲ ነገራት ንክትማሃር ግዘ ይወስድ እዩ። ንናቶም ድሌትን ስሚዒት ክብረት ምሃብ።

ዝበለጸ መረዳእታ ንምርካብ ንናይ ከባቢኻ ቤት ትምህርቲ ወይኻዓ ናይ ሕጻንን ወላዲ ማእከል ኣዘራርቡ።

© Department of Education, Western Australia 2015 CC BY

## ጡዑይ ሰብነት፤ ጡዑይ ኣእምሮ

ንውላድኻ ንስኻ ብጣዕሚ ጠቓሚ ዝኾነ ሥራሕ ሞዴል ኣብነት ኢኻ። ውላድኻ ጡዑይ ዝኾነ ባሕሪ እንዳማዕበሉ ንምኺኖም ንምርግጋፅ ጽቡቕ ዝኾነ ሜላ ብሞዴል እንዳራኣይኻ ምምራሕ እዩ።

እቲ ውፅዒት መርመራ መጽናዕቲ ዘርእዩ ጽቡቕ ኣመጋግባ፣ እንቕስቓሰን ብዙሕ ምድቓስ ንሕጻውንቲ ጥዕናን ድሕንነት ጠቓሚ ከምዝኾነ እዩ።

ጽቡቕ መግቢታት ንሕጻውንቲ ዕቤት፣ መምሕያሽ፣ ትኵረትን ብጽቡቕ ንክትማሃር ዘኽእል ኣልሚ መግቢታት ክምዝሕብ እዩ።

ሕጻውንቲ ብኣካል እንቕስቓሰ ቕልጡፍ ክኾኑ ከምዘለዎምን እሞ ብናትኹም ምትብባዕ እዚ ኸቢድ ኣይኸውንን።


ቕልጡፍ ምኳን ብውላድኻ ዕቤት ይሕግዝ እዩ።

- ንማሕበራዊ፣ ቛንቛን ምርድዳእ ክዕለት
- ቅርጺ፣ እንቅስቃሰ፣ ሚዛን ምህላውን ተለዋዋጢ ምኳን
- ብባዕልኻ ኽብረትን ርእሲ ምትዕምማን
- ጅማታት፣ ጡዑይ ኣጽሚታትን ጡዑይ ልቢ።

ውላድኻ ናይ ኣካል ምንቕስቓስ ክገብር ወይኻዓ ክጻወት እንከሎ ብዙሕ ማይ ከምዝሰት ምርግጋፅ።



 © Department of Education, Western Australia 2015



## እንታይ ምግባር እኽእል?

- ንውላድኻ በብንጉሆ ጡዑይ ቍርሲ ምምጋብ።
- ንውላድኻ ኣብ መዓልቲ ውሽጢ ሓሙሽተ ናይ መግቢ መደባት ዘማልእ ዝተፈላለዩ መግቢታት ምሃብ። መግቢታትን ጠዓሞታት ተፈታዊነት ንክነብሮም ዝተፈላለየ ሕብረ ቐለማት፣ ልስሉስ/ጥንኩር ቐርጺታትን ጣዕሚ ንዘለዎም ምጥቃም።
- ንውላድኻ ማይ ብጣዕም ጽቡቕ ዝኾነ መስተይ እዩ።
- ሓሓደሽቲ ናይ መግቢ ቐመማት ሓቢርካ ብምምራጽ እሞ መግቢ ክዳለዉ እንከሎ ውላድኻ ንክፈልጥ ምግባር።
- ብማኪና እንዳዘወርካ ካብ ምኻድ እንተተኻኢሉ ብእግሪ ምጉዓዝ።
- ኣብ ገዛ ወጻእን ኣብ ከባቢ መናፈሲ ቦታ ምጽዋት።
- ናብ መጻወቲ ቦታ ክትኸይድ እንከሎ ነቲ ስድራ ብብሽኪሌታ እንዳዘወርካ ምውሳድ ወይኻዓ ብእግሪ ሓቢርኻ ምጉዓዝ እዩ።

## ብትኽኽል ምድቃስ፣ በጥ ኢልኻ ምድቃስ

ሕጻውንቲ ኹልግዜ ብናይ ኣራት መኸዲ ሰዓቶም ምድቃስ ኣይደልዩን የግዳስ ዕድሚኦም ካብ ሰለስተ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ዝኾኖም በብምሸት ለይቲ ካብ 10 ክሳብ 13 ሰዓታት ክድቕሱ ከምዘለዎም ትፈልጥ'ዲኻ? ሰላማዊ እረፍቲ ዘለዎ ድቃስ ንናይ ውላድኻ ሓይሊ ንክጠናኸር ይሕግዝ እዩ። በብመዓልቱ ናይ መደቀሲ ግዘ ፕሮግራም ከምኡ'ውን ተመሳሳሊ ናብ ኣራት መኸዲ ግዘ ምድላው ኣገዳሲ እዩ።

**ውላድኻ ብግቡእ ንምድቃስ ጸገም እንተሃልይዎ ናብ ሓኪም ወይኻዓ ናብ ከባቢ ሕጻን ሓለዋ ጥዕና ነርሲ ምኻድ።**

**ሕጻውንቲ ንምድቃስ ድልዊ ንክኾኑ ብናይ ኣራት መኸዲ ግዘ ጣሪኻት ምዝራብ ጠቓሚ እዩ። ንዝተፈላለየ ገጸባሕሪያት ዝተፈላለየ ጽምጺታት ምጥቃም። ብዙሕ ግዘ ተመሳሳሊ ዝኾኑ መጽሓፍቲ ምንባብ ሕጻናት ነቲ ታሪኻዊ መስመር ንምዝኻር ይሕግዞም እዩ።**

© Department of Education, Western Australia 2015

# ምስ ተክኖሎጂ ምሕጓስን ትምህርቲ

## ተለቪዥንን ካልኦት ናይ ኤሌትሮኒክስ መራኸቢ ብዙሃን

ናይ ውላድኻ መራኸቢ መንገዲታት ንምዕባል እሞ ብዛዕባ ዓለም ወይኻዓ ንሓጺር ግዜ ዝኸውን መዘናግዒ ከምኡ'ውን ግቡእ ብዝኾነ መንገዲ ተለቪዥን፣ ዲቪዲን/ DVDs ከምኡ'ውን ናይ ኤሌክትሮኒክስ ጸወታት ውላድኻ እንተተጠቒሙ ጠቐሜታ ከምዘለዎ እዩ። ይኹን እምበር ንብዙ ግዜ ምጥቃም ጉድኣት ክነብሮ ይኽእል።

ናይ ስክሪን መርኣይ ግዜ ብናይ ውላድኻ ምዕባለ ቓላት፣ ምድማፅን ትኵረት ጠመት ምግባር ክዕለት ጸገም ክፈጥር ይኽእል። ብተለቪዥንን ኤሌክትሮኒክስ ጸወታት ምኽትታል ሓደ ናይ መራኸቢ/መዘራረቢ ሓደ መንገዲ እዩ። ብኽልተ ገጽታ ዘለዎ ርክብ ምፍጣር ምስ ካልኦት ሰባት ክትደማመጽ፣ ክትዘራረብን ክትተሓሳሰብ ይገብር እዩ።

## ሕጻውንቲ ኣብ መስመር – ብዘይጸገም ብኸመይ ምዝርራብ ከምዝኻኣል

ኢንተርኔት ንመዘናግዒን ትምህርቲ ዝኸውን ኣብ ኮምፒውተር መርኣይ መንገዲ ይኸፍተልካ። እድሚኦም ካብ ክልተ ክሳብ ሽውዓተ ዓመት ንዝኾኑ ሕጻውንቲ ምስ ሓጋዚን ሱፐርቫይዘር ተቆጻጻሪ ብምኺን ብዛዕባ ኮምፒውተርን ኢንተርኔት ንምጅማር ክርእዩ ይኽእሉ።

ውላድኻ እንታይ ከምዝሰርሕ ንምርኣይ ነቲ ኮምፒውተር ኣብ ስድራ ዘለዎ ከባቢ ምግባር።



## እንታይ ምግባር እኽእል?

- ብስክሪን ንዝርኣይ ናይ ግዜ ዓቐብ ምግባርን ኣብ መዓልቲ ካብ ሓደ ሰዓት ታሕቲ ክርእዩ ምግባር።
- ተለቪዥን ዝርእይ ሰብ እንተዘይሃልዩ ምጥፋእ።
- ብዕድመ ደረጃ ንዘሰማማዕ ፕሮግራማት ምስውላድኻ ኾይንካ ምምራጽ።
- ውላድኻ ሓደ ዓይነት ዲቪዲ/DVD ብተደጋጋሚ ክኸታተል ምግባር። ኣዘራርባን ቓላትን ምድግጋም ንውላድኻ ብቐሊሉ ንክማሃር ክገብር ይኽእል።
- ምስ ውላድኻ ኾይንካ ተለቪዥንን ዲቪዲታትን/ DVDs ምርኣይ። እንታይ ከምተገብረ ምዝርራብ።
- ኣብ ውላድኻ መደቐሲ ክፍሊ ተለቪዥንን ኮምፒውተር ዘይምቕማጥ።


© Department of Education, Western Australia 2015

# ዚዓብዩ ሕጻውንቲ ንዘለዎም ስድራታት ሓገዝ/ደገፍ

## ናይ ሕጻንን ወላዲ ማእከላት

ናይ ውላድኻ ሕይወት ብጽቡቕ ኩነታ ንክጅምር ንምሕጋዝ እሞ ብናይ ቤት ትምህርቲ ምድላዉን ብናይ ምምሃር ድሌት ንክዳለዉ ምሕጋዝ፤ እዚ'ውን ኣብ ሙሉእ ዌስተርን ኣውስትራሊያ ብዝርኸቡ 16 ናይ ሕጻንን ወላዲ ማእኸላት ውሽጢ ብሃዲኡ ምኻድ።

ብናይ ሕጻንን ወላዲ ማእኸላት ኣቢሉ ዝተፈላለየ ትምህርቲ ሓለዋ ጥዕናን ናይ ማሕበራዊ ደገፍ ፕሮግራማት ንስድራቤታት ከምቲ ዝስዕብ ይዳለው :

- ንዝወለዳ ኣዶታትን ሕጻን ሓለዋ ጥዕና ኣገልግሎታት
- ብቕድሚያ ናይ ትምህርቲን ሕጻን ደገፍ ፕሮግራማት
- ናብ ካልእ ግልጋሎት ውሃብቲ ምልኣኽ
- ንወለዲን ስድራ ደገፍ እዚ'ውን ሰለስተ ኢድ/ Triple P (ኣወንታዊ ናይ ወለዲ ፕሮግራም) ዘጠቓለለ።

ንንሕድሕዲኡ ማእኸል ዝርኸቦ ናይ መንግሥቲ ቤት ትምህርት ዘለዎ ከባቢ ከምዝኾነ እዚ'ውን ንናቶም ኣገልግሎታት ብቐሊሉ ንክጥቐሙ ተባሂሉ ንተዳለወ እዩ። ብተወሳኺ'ድማ ውላድኻ ካብተወለደሉ ግዘ ክሳብ ቤት ትምህርቲ ምጅማርን ብድሕሪኡ'ውን ንዘሎ ግዘ ብናይ ከባቢኻ ዘሎ ቤት ትምህርትን በቲ ከባቢ ዝርኸቡ ቤት ትምህርቲታት ምሳኻ ብሓባር ንምሥራሕ ዕድል ይኸፍተሎም እዩ።

ማእኸላት ዚመሓዳደሩ ብማሕበረሰብ ድርጅታት ከምዝኾነ እሞ በቲ ከባቢ ንዘለዉ መንእሰይ ስድራቤታት ክፍቲ ይኸውን። እቶም ፕሮግራማት ዝተዳልዩ በት ከባቢ ንዝድለይ ግልጋሎት ብገፌሑ ከምዝቐረብ ዘሎ ንምርግጋጽ እዩ።

ብዛዕባ ናይ ሕጻንን ወላዲ ማእኸላት ብዝበለጸ ንምፍላጥ ብከባቢኻ ንዘሎ ማእኸል ንምዝርራብ ኣብ ዌብሳይቲ **education.wa.edu.au** ምርኣይ.

## ኣብ ጸወታ ጉጅለ ተሳትፎ ምግባር

ብዙሕ ቤት ትምህርቲታት ምስ ከባቢ ጸወታ ጉድለታት ርኽቢታት ይነብሮም እዚ'ውን ዝዓብዩ ሕጻውንቲ ንዘለዎም ወለዲ ብሓባር ንምጽዋት ከምዝራኸቡሉን ዘሕጉስ ኩነታት ብሓባር ይማሃሩ እዮም። ንካባቢኻ ቤ ትምህርቲ ምሕታት ወይኻዓ ኣብ ዌብሳይቲ **playgroupwa.com.au** ኣትእኻ ብከባቢኻ ንዘሎ መጻወቲ ጉጅለ።



© Department of Education, Western Australia 2015

CC BY




# ቤት ትምህርቲ ምጅማር

## ብምእታው ምስታፍ

ምስ ስድራቤት ጠንቂርካ ርክቢ ብምፍጣር ነእቶም ቤት ትምህርቲታት ዓቢ ዋጋ ይሕብ እዩ። ንውላድኻ ናይ መጀምሪያን ጠቓሚ መምህር ከምዝኾንካ መጠን ውላድኻ ቤት ትምህርቲ ብምኻድ መምሕያሽ ትምህርቲ ንከርእይ ዘይምቑራፅ ንውላድኻ ምድፍፋእ እዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ናይ ውላድኻ ጽቡቕ ውጽዒት ምርኻብ ካብ ሰለስተ መራኽቢ ሜላታት እዚ'ውን ኣሞንጐ ባዕልኻ፣ ቤት ትምህርቲን ውላድኻ ንዝግበሩ ርክቢታት የማዕብል እዩ። ከምኡ'ውን ንናይ ውላድኻ ቤት ትምህርቲ ብዙሕ ተዳልዎ ነገራት ከምዘሎ እዩ።


© Department of Education, Western Australia 2015

## መዋዕለ ሕጻናት ምጅማር

መዋዕለ ሕጻናት ስሚዒት መረሳሰኒ ቦታ እዩ። ውላድኻ ቤት ትምህርቲ ንኺጅምር እዚ ቐዳማይ ተሞኩሮ ይኸውን።

ሕጻውንቲ ብትምህርቲ፣ መርመራን ክእለት ናይ ምሕሳብ ብዝበለጸ ስሚዒቶም ንክረሳሰን እቲ መምህር የተባብዕ እዩ። ካብ ኩሉ ንላዕሊ መምህር ዘተባብዕ ሕጻውንቲ ንነዊሕ ግዜ ሕይወቶም ትምህርቲ ድሌት ንከማዕብሉ እዩ።

መዋዕለ ሕጻናት ግደታ ብዘይኾነሉ፤ ንኹሉ ሕጻናት ናይ ምምሃር ክእለት ንክማሓየሽ ኣብ ገዛ ውሽጢ ብሓባር ዚኸታተል ቛሚ ሠራሕተኛ ከምዝኸደሎም መተሓሳሰቢ ተዋሂቡ እዩ።

ናይ መዋዕለ ሕጻናት ፕሮግራማት ኣብ ሰሙን 15 ሰዓታት እዩ። ብዛዕባ መዋዕለ ሕጻናት ፕሮግራም ብከመይ ከምዝሰርሕ ምስ ከባቢኻ ቤት ትምህርቲ ምዝርራብ።

ኣብ ትምህርታዊ ሓበሬታ ዝውሃበሉ ዕለት/ኣኼባ ንክትመጹ ሙብዛሕት ኡ ቤት ትምህርታት ንወለዲ ይዕድሙ እዮም። ብዛዕባ እቲ ፕሮግራም ምምሃርን ብጽቡቕ ዝተዳለወ ምንቕስቓስ ተሳትፎ ንምግባር ዕድል ምርካብ ዘሕጉስ እዩ።

**ንምምዝጋብ፤ ሕጻውንቲ ኣብ መዋዕለ ሕጻናት ክጅምሩ እንከሎ በዙይ ዓመት ሰነ/June ዕለት 30 ክኸውን ዕድሚኦም ኣርባዕተ ዓመት ክመልእ ኣለዎ።**

ኣብ ናትና መራኸቢ መስመር ንእሸቶ መጽሓፍን ሓቓዊ ጽሁፍ ወረቐቲ ከምዘሎን እዚ‘ውን ብዛዕባ ውላድኻ ናብ ቤት ትምህርቲ ምጉዓዝ ክጅምር እንከሎ እንታይ ከምትጽበይን ብኸመይ ጌርካ ምሕጋዝ ከምዝኽኣል ሓበሬታ ዘጠቓለሉ እዮም። የዝበለጸ መረዳእታ ንምርካብ ኣብ ዌብሳይቲ education.wa.edu.au ምርኣይ።

## ቅድሚ-ቤት ትምህርቲ ምጅማር

ኣብ ዌስት ኣውስትራሊያ ውሽጢ ትምህርቲ ናይ ቅድመ-ቤት ትምህርቲ ኣብ ቐዳማይ ዓመት ንምውሳድ ግደታ እዩ።

ውላድኻ ኣብ መዋዕለ ሕጻናት ንዝተማሃርዎ ክዕለት በዙይ ንከማዕብልዎ ብዝበለጸ ዝተዳለወ መንገዲ ይማሃሩ እዮም።

ብቅድመ-ቤት ትምህርቲ ኣቢሉ ናይ ሕጻውንቲ ምንባብን ምጽሓፍ ከምኡ’ውን ናይ ቑፅሪ ትምህርቲ ክዕለቶም ይግምገም እዩ። እዙይ ንመስእተዊ ዝግበር ገምጋም ዝጠቕሞ ንናይ ውላድኻ ድሌት ንምምላእ ብዝብል መማሃራን ጽቡቕ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማትን ንድፈታት ንኩዳልዉ ይሕግዝ እዩ።

**ንምምዝጋብ፤ ሕጻውንቲ ኣብ ቅድመ-ቤት ትምህርቲ ንክጅምሩ በዙይ ዓመት ሰነ/June ዕለት 30 ቀን ክኸውን እንከሎ ዕድሚኦም ሓሙሽተ ዓመት ክመልእ ኣለዎ።**

## ኣብ ኣውስትራሊያ እዋናዊ ዕቤት ቆፀራ (AEDC)

ዕቤት ቆፀራ/AEDC ኣብ ሙሉእ ኣውስትራሊያ ውሽጢ ዚኻየድ ቆፀራ ከምዝኾነን እዚ’ውን ብናይ ቅድመ-ቤት ትምህርቲ መማሃራን ኣቢሉ ዚጠናቐቕ እሞ ኣብ ሓሙሽተ ዓመት ዕቤት ሕጻውንቲ ምምሕያሽ ቐንዲ ብዝኾኑ መስኪታት መረዳእታ ይእኽቡ እዞም‘ድማ:

- ብኣካል ጥዕናን ድሕንነት
- ብማሕበራዊ ብቕዓት
- ብስሚዒታዊ ጥንኻረ
- ብክዕለት ቋንቋን ግንዛበ
- ብክዕለት ርክቢ ምፍጣርን ሓፈሻዊ ፍልጠት ይኸውን።

ዝተኣከበ መረዳእታ ብሃገር ደረጃ፣ ብመምሕድዳር ግዝዓት/ተሪቶርይ ከምኡ’ውን ብማሕበረሰብ ደርጃ ሪፖርቲ ይግበር እዩ። ብዛዕባ ሕጻውንቲ ብሕታዊ ነረዳእታ ብምዝጢራዊነት ይትሓዝ እዩ።
ኣብ ኣውስትራሊያ እዋናዊ ዕቤት ቆፀራ/AEDC በብሰለስተ ዓመታት ይእከብ እዩ።

ዝበለጸ መረዳእታ ንምርካብ ብዌብሳይቲ **aedc.gov.au** ምርኣይ.

© Department of Education, Western Australia 2015



ውላድኻ ቤት ትምህርቲ ክጅ ምሩ እንተለዉ ሕጉሳት እዮም፤ ቑሩብ ዘዕብለሉ ክመስሉ ይኽእሉ።

በዚ ዝስዕብ ቐሊልን ተግባራዊ ብዝኾነ መንገዲ፤ ውላድኻ ንቤት ትምህርቲ ድልው ንክኸውን ምሕጋዝ:

- ቤት ትምህርቲ ንምጅማር ክቓረብ እንከሎ ምስ ውላድኻ ኾይንካ ታሪኻት ምንባብ።
- ብናይ ቤት ትምህርቲ ምስተዳለዎ ጸወታ ጉጅለ ብሓባር ምስታፍ – ብዙሕ ቤት ትምህርታት ብወለዲ ዝኻየድ ናይ ጸወታ ጉጅለታት ርክቢ ብምፍጣር እሞ ውላድኻ ምስካልኦት ተመሳሳሊ ዕድመ ዘለዎም ብሓባር ንክጻወት ይኽእል።
- ናብ ቤት ምህርቲ ሕሓሊፍኻ ብምኻድ እሞ ውላድኻ ብኸመይ ቐልጢፉ ከምዝኸይድ፣ ብዛዕባ ዘሕጉሶ ነገራትን ብዛዕባ ዘፍርይዎ መሓዙት ዚተዛመደ ምስውላድኻ ምዝርራብ።

## ውላደይ መዓዝ እዩ ቤት ትምህርቲ ዝጅምር?

| ዝተወለደሉ ዓመት | መዋዕለ ሕጻናት | ቅድመ-ቤት ትምህርቲ | ክፍሊ/ Year 1 |
|---|---|---|---|
| ካብ ሓምሌ/July ዕለት 1፣ 2010 ዓም ክሳብ ሰነ/June ዕለት 30፣ 2011 ዓም | 2015 | 2016 | 2017 |
| ካብ ሓምሌ/July ዕለት 1፣ 2011 ዓም ክሳብ ሰነ/June ዕለት 30፣ 2012 ዓም | 2016 | 2017 | 2018 |
| ካብ ሓምሌ/July ዕለት 1፣ 2012 ዓም ክሳብ ሰነ/June ዕለት 30፣ 2013 ዓም | 2017 | 2018 | 2019 |
| ካብ ሓምሌ/July ዕለት 1፣ 2013 ዓም ክሳብ ሰነ/June ዕለት 30፣ 2014 ዓም | 2018 | 2019 | 2020 |
| ካብ ሓምሌ/July ዕለት 1፣ 2014 ዓም ክሳብ ሰነ/June ዕለት 30፣ 2015 ዓም | 2019 | 2020 | 2021 |
| ካብ ሓምሌ/July ዕለት 1፣ 2015 ዓም ክሳብ ሰነ/June ዕለት 30፣ 2016 ዓም | 2020 | 2021 | 2022 |
| ካብ ሓምሌ/July ዕለት 1፣ 2016 ዓም ክሳብ ሰነ/June ዕለት 30፣ 2017 ዓም | 2021 | 2022 | 2023 |
| ካብ ሓምሌ/July ዕለት 1፣ 2017 ዓም ክሳብ ሰነ/June ዕለት 30፣ 2018 ዓም | 2022 | 2023 | 2024 |


CC BY © Department of Education, Western Australia 2015



ኣብ መስመር ንዘሎ መገልገሊ ምንጪታት ከም ንእሽቶ መጽሓፍን ሓቓዊ ጽሑፍ ወረቐቲ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ናይ መጀመርታ ዓመታት ትምህርቲ፣ መዋዕለ ሕጻናትን ብዛዕባ ቕድመ-ቤት ትምህርቲ ብዝበለጸ ንምድላይ ናብ ከባቢኻ ቤት ትምህርቲ ምኻድ ወይኻዓ ኣብ ዌብሳይቲ **education.wa.edu.au** ምርኣይ.

© Department of Education, Western Australia 2015



ISBN 978-0-7307-4560-0

© Department of Education, Western Australia 2015